
መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ ዓቢ
# መንደቕ ነህምያ

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጓሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ፋርስ ዝተባህለት ሓያል ሃገር ንዓለም ትገዝእ ነይራ፡ ንጉስ ኣርታሕሻሽታ ድማ ንፋርስ ይገዝእ ነበረ፡ እዚ ድማ ናይ ዓለም ዝሓየለ ገዛኢ ይገብሮ፡ ሓደ ኻብቶም ኣገደስቲ ኣገልገልቲ እቲ ንጉስ ድማ ነህምያ እተባህለ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ እዩ ነይሩ፡ ስርሑ ድማ ነቲ ንጉስ ካብ ዝተመረዘ መግቢ ንምክልኻል ነቲ መግቢ ኣቀዲምካ ምጥዓም እዩ ነይሩ።




ሓደ መዓልቲ ነህምያ ገጹ ኣዝዩ ጓህዩ ናብ ቅድሚ ንጉስ ቀረበ፡ እቲ ንጉስ እንታይ ከም ዘጋጠመ ክፈልጥ ደለየ፡ ነህምያ ድማ "ኦ ንጉስ ንዘለኣለም ንበር" በለ፡ "እታ ኣቦታተይ ዝተቐብሩላ ከተማ ዑና ኮይና ኣፍደገታታ ድማ ስለ ዝተቓጸላን ዝዓነዋን እየ ሓዚነ ዘለኹ" በለ፡ ነህምያ ብዛዕባ እታ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ብውግእ ዝጠፍአት ኢየሩሳሌም እዩ ዚዛረብ ነይሩ።



ንጉስ ኣርታሻርክስ ድማ "ድሌትካ  እንታይ ኢዩ ኢሉ፥ ሓተቶ፥ ነህምያ ድማ "ዳግም ክሃንጻ ናብ ኢየሩሳሌም ክኸይድ ፍቐደለይ" ኢሉ ለመነ፥ ንጉስ ኣርታሕሻርክስ ብለውሃት ተሰማምዐ፥ ንነህምያ ድማ ኣብ መገዱ መሰነይታ ዝኾኖ ወግዓዊ ደብዳቤታት ሃቦ።




እቲ ንጉስ ን ንነህምያ ሓለፋ ነገር ውን ገበረሉ፡ ነቲ ሓላዊ ኣግራብ ንጉስ ዝነበረ ኣሳፍ ደብዳቤ ልኢኹ ን ነህምያ መናድቕ እታ ኸተማ ንምህናጽ ዘድልዮ ክንዲ ዝሓተቶ ዕንጨይቲ ኼቕርበሉ ኣዘዞ።



ነህምያ ኣብ ኢየሩሳሌም ምስ በጽሐ ነቶም ኣብታ ኸተማ ስልጣን ዝነበሮም ሰባት ኣኪቡ፡ ኣብ ጸገም ኢና ዘሎና፡ እዛ ኸተማ ዑና ኮይና ኢያ ዘላ፡ ኣፍደገታታ ድማ ተቓጺሉ ኢዮ ዘሎ፡ ዳግማይ ምህናጽ ንጀምሮ፡ ንጉስ ኣርታሕሻሽ ከም ዝተቀበሎን ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣምላኽ ኣብ ጎኖም ከም ዘሎ ድማ ነገሮም።



እምነትን ሓቦን ነህምያ ነቲ ህዝቢ ኣነቓቒሕዎ ክኸውን ኣለዎ፡ ንሳቶም ድማ "ዳግም ንህነጻ" ኢሎም ተሰማምዑ፡ ነህምያ ንነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ኣየናይ ኽፋል እቲ መንደቕ ክሃንጽ ከም ዘለዎም ነገሮም።




ኩሉ ሰብ ግን ነቲ መንደቕ ዳግማይ ንምህናጽ ኣይተሰማምዐን፡ ሳንባላጥ ዝተባህለ ሰብኣይን ክልተ ኣዕሩኽቱ ጦብያን ጌሸምን እቲ መንደቕ ዳግማይ ክህነጽ ወይ ኣፍደገታት ክጽገን ኣይደለዩን፡ ንሳቶም ኣይሁዳዊያን ኣይነበሩን።




እቲ ስራሕ እናቐጸለ ምስ ከደ ሳንባላት ኣዝዩ ተቖጥዐ፡ ንሱን ኣዕርኹቱን ድማ ነቶም ኣይሁድ የላግጹሎም ነበሩ፡ ጦብያ ድማ "ነዛ ንእሽቶ መንደቕ ምስ ወድኡ ሓንቲ ንእሽቶ ወኻርያ ክተፍርሶ እያ" በሎም፡ ነህምያ ግን መልሲ ኣይሃበን ግዳስ ብጸሎት ን ኣምላኽ ኣሕሊፉ ሃቦም።



እቲ ላግጽን ጸርፍን ዋላ ሓንቲ ውጽኢት ከምጽእ ስለ ዘይከኣለ ተዓዚቦም፡ ኣንጻር ኢየሩሳሌም ክሰርሑ ብዝተኻእሎም መጠን ውን ሽግር ከስዕቡን ውዲት ገበሩ፡ ሕጂ እውን ነህምያ ሓገዝ ኣምላኽ ኪረክብ ጸለየ፡ ብድንገት ከይጥቅዑ ድማ ለይትን ቀትርን ዋርድያ ኣዳልዩ ነበረ።



እቶም ኣይሁድ ኣዝዮም ይጽዕሩን
ይደክሙን ነበሩ፡ ገሊኦም ድማ
እናሰርሑ ከለዉ ጸላኢ መጺኡ
ከይቀትሎም ይፈርሑ ነይሮም፡
ነህምያ ግን ነቲ ፕሮጀክት ደው
ኣየብሎን ኣብ ዙርያ እቶም ዝሰርሑ
ዝነበሩ ሰባት ሓለውቲ ገይርሎም
ነበረ፡ እግዚኣብሔር ኣብ ጎኖም
ከም ዘሎን ካብ ዝኾነ ፀላኢ
ንላዕሊ ሓያል ከም ዝኾነ
ድማ የዘኻኽሮም ነበረ።





ነህምያ ኣብነታዊ
ኢዩ ነይሩ፡

ንጉስ ኣርታሕሻሽ ካብቲ ህዝቢ
መግብን ገንዘብን ናይ ምሕታት
ስልጣን ዘለዎ ኣመሓዳሪ
ኢየሩሳሌም ገይርዎ እኳ
እንተነበረ፡ እዚ ግን ኣይገበሮን፡
ግዳስ ኣብ ጎኒ እቲ ህዝቢ ኮይኑ
ናይ ገዛእ ርእሱ ገንዘቡ ተጠቒሙ
መግቢ እንዳ ዓደገ ነቲ መንደቅ
ንምህናጽ ኣበርቲዑ
ይዓዩ ነበረ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ሰባት ነቲ መንደቕ ወዲኦም፡ እቶም ማዕጾታት ጥራይ ናብቲ ቀንዲ ኣፍደገታት ምግጣም ምስ ተረፎም፡ ሳንባሌን ጦብያን ጌሸምን ኣብቲ መናድቕ ዘይተሃንጸ ሃጓፍ ከምዘየለ ምስ ሰምዑ ንነህምያ ክጎድእዎ መደብ ኣውጽኡ።



ንሳቶም ድማ ን ነህምያ ኣብ ኦኖ ዝበሃል ቦታ ንኽረኽቦም መልእኽቲ ሰደድሉ፡ ነህምያ ግን ምእንቲ ክጎድእዎ ካብታ ከተማ ብምትላል ከውጽእዎ ይፍትኑ ከም ዘለዉ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ምሳታቶም ንምርኻብ ስርሑ ከም ዘይገድፎ መልሲ ጽሒፋሎም።




ኣብ መወዳእታ እቲ መንደቕ ተዛዚሙ፡ ነህምያ ድማ ንዕኡ ዝከላኸሉ ሓለውቲ ኣቐመጠ። ጸሓይ ጽቡቕ ጌሩ ክሳብ እተወጽእ
እቶም ኣፍደገታት ክኸፈቱ ከምዘይብሎም እውን ሕጊ ኣውጽአ፡ ምሉእ ለይቲ ድማ ክዕጸዉን ክስጎሩን ነበሮም።

እታ ከተማ ድማ ውሕስቲን ሰላም ዘለዋን ኮይና፡ ብዙሓት ናብ እተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ተሰዲዶም ዝነበሩ ኣይሁድ ናብ ኢየሩሳሌም ተመልሱ፡ ነህምያ፡ ኵሉ ዕንቅፋታት እናሃለወ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ዕዮ ብምፍጻሙ ኣዝዩ ተሓጒሱ ኪኸውን ኣለዎ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ጸኒሑ ድማ ነቶም ህዝቢ ወትሩ ንኣምላኽ ክእዘዙ ሓገዞም።



እቲ ዓቢ መንደቕ ነህምያ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ነህምያ

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

35

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16